# ዘተ ብዛዕባ ክብርታትና ኣብ ኦስሎ ተኻይዱ

## ቀዳማይ ክፋል

ብዕለት 08.11.2009 ኣብ ኦስሎ ብዛዕባ ክብርታትና ዝብል ኣርእስቲ ዘተ ተኻይዱ።

እዚ ብዓይነቱ ንመጀመርያ ዝኾነ ዘተ፣ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ኣብ ኦስሎ ማለት ኢዩ፣ ንዉስናት ኣርእስትታት ብምምራጽ ሃናጺ ዝኾነ ኣስተምህሮ ተመሓላሊፉ።

ካብ ተዛተይቲ ከም ዕዱማት ኮይኖም ዝቐረቡ ኣቶ **ፉኑኤል ዑቑባሚካኤልን** ኣቶ **ኤፍሬም ዑቑባስልሴን** ክኾኑ ከለዉ ብወገን ክፍሊ መንነት ሕዝባዊ መኸተ ኦስሎ ከኣ ኣቶ **ተኽለ ፍቓዱን** ኣቶ **ዮናታን ስሙኤል** ኔሮም። መራሒ መደብ ኣቦ ወንበር ሕዝባዊ መኸተ ኦስሎ ኣቶ **የማነ ሃይለ** ኔሩ።

ኣቶ **የማነ ሃይለ** መደብ ብመዝሙር ኤርትራ ክኸፈት ዕድመ ኣቕርቡ። ድሕሪ መዝሙር ኤርትራ እቲ ዘተ መቐጸልታ ናይቲ ብ10 ግንቦት 2009 ዝተገብረ ሰሚናር ብዝዕባ ክብርታትና ምኻኑ ተገሊጹ። ኣስዕቡ በዝኤን ዝስዕባ ኣርእስታት እቲ ዘተ ኽካየድ ምኻኑ ተሓቢሩ።

1. ኪዳን ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን ምኻኑ
2. ሓልዮት ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን ምኻኑ
3. ጅግንነት ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን ምኻኑ

ነዚኤን ልዕል እለን ዝተጠቐሳ ኣርእስትታት ንነፍሲወከፈን ናይ 45 ደቒቓ ግዜ ተዋሂብወን። ቀዳማይቲ ኣርእስቲ ብኣቶ **ፉኑኤል ዑቑባሚካኤልን** ኣቶ **ኤፍሬም ዑቑባስልሴ** ኽትቀርብ ከላ፣ ካልኣይቲ ኣርእስቲ ብኣቶ **ተኽለ ፍቓዱ** ኽትቀርብ ከላ ሰልሰይቲ ኣርእስቲ ከኣ ብኣቶ **ዮናታን ሳሙኤል** ቐርባ።

ዕላማ ናይዚ ዘተ እንታይ ኔሩ፣ ስለምንታይከ ኣድለየ፣

- ታርኽ ንምርዳእ። እዚ ማለት ምስጢር ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ምርዳእ ማለት ኢዩ።
- መንነትካ ምርዳእ ማለት ክብርታትካ ምዕቃብ ማለት ኢዩ።
- ኤርትራዊነት ዝብል ኣምር ከመይ ይህነጽ ዝብል ሕቶ ይምልሽ።
- ባህላዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ኩነታትካ ንምርዳእ ይሕግዝ።

### ኪዳን

ቀዳመይቲ ኣርእስቲ ብዛዕባ ኪዳን ኮይና ሕሉፍ ኩነታት ኪዳን ኣብ ኤርትራዊያን ከመይ ኔሩ፣ ሕጂኸ ከመይ ኣሎ፣ ንመጻኢ ወለዶኸ ብኸመይ ይተሓላለፍ ከምኡ'ውን ብልጫታቱን ድኽመታቱን ግለጽ ዝብል ኔሩ።

ብኣቶ **ፉኑኤል ዑቑባሚካኤል** ዝቐረበ መግለጺ፣

ሃብታም ባህሊ ኣሎና። ብኡኡ ከኣ ንሕበንን ንጥርንዕን። ኪዳና ልቦና ዘስንቕ፣ ጥልመትን ክሕደትን ዘወግድ፣ ሓቂ ዘቕንት፣ ስራሕ ዘፍቱ፣ ጋሻ ዘኽብር ምኻኑ ዘረድኣና ብዙሕ ምስላታት ናይ ኣቦታት ከምዘሎ ኢዩ።

ሕዝብና ኣብ ባህሉን እምነቱን ጽኑዕ ኮይኑ ብኪዳኑ ኸቢሩ ዝነበር ሕዝቢ ምንባሩ። ጉዳይ ሰባት ብትዕግስትን ጽሞናን ሰሞያም፣ ንሰብ ጉዳይ ኣእምኖም ብዕርቂ ይዕጾ ከምዝነበረ። ኪዳን ምስ እምነትን ሃይማኖትን ዝተተሓዘ ኢዩ። ኪዳን ኣብ ሰብ ሓዳር፣ ኣብ ቤተሰብ፣ ኣብ ቃልስን ኣጎልጉለትን፣ ኣብ ገዛ ኽራይ ኣካረይትን ተኻረይትን ዝኣመሳሰሉ ጽኑዕ ከምዝነበረ ኢዩ።

ከም ኣብነት ኣብ ሰብ ሓደር ንዘጋጥም ጸገማት ብምስጋር ሰብ ሓዳር ብኪዳኖም ጸንየም ይነብሩ ኔሮም። ካልእ ኣብ ገዛ ኽራይን መሬትን ስስዔ ብምቕባር ክራይ ከይወሰኸ ንብዙሕ እዋናት ኪዳን ብምሕላው ኣብ ሕውነት ዝተመስረተ ናብራይንበር ኔሩ። ሕማም ምስ ዘጋጥም ንግዝኡ ክራይ ኣይሕተትን ኔሩ።

ኣብ ስርሓት ህንጻ ብወፈራ መልክዕ ይፍጸም ኔሩ። ኣብ ወላድን ውሉድን ዝነበረ ኪዳን ኣብ ግዜ እርጋን ወለዲ ብደቆም ይጥወሩ ኔሮም።

ኪዳን ዓድን ሃገርን ከኣ ካብ ጸላእቲ ምክልኻልን ምብጃው ንሕዝብኻ፣ ብህይወትካ ምውፋይን ምሕላፍን፣ ብጻይነት ምሕያልን ይምልከት።

ኣብ ትምህርትን ጥዕናን ከኣ ሞዮኦም ንህዝቦምን ሃገሮምን ግዝኦምን ፍለጠቶምን ዝሰውኡ ኪዳኖም ዝሓለዉ ሞያዊያን ከም ኣብነት ስዉእ ሳልሕ መኪ ተዘኪሩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ቤት ዕዮ ብዉሑድ መኽስብ ንተገልገልቲ ዘዕግቡ ወነንቲ ከምዝነበሩ ኢዩ።

ልዕል ኢሉ ተገሊጹ ዘሎ ቀደም ዝነበረ ኪዳን ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ዘዝንቱ ኮይኑ ቀጺሉ ኣብዚ ግዜ'ዚ ከመይ ኢሉ ኣዚ ኪዳን'ዚ በሪሱን ኣብ ምንታይ ኩነታት ንርከብ ከምዘሎና ዝድህስስ ኢዩ።

ኪዳን ሕዝቢ ኤርትራ በብቑሩብ ኢዩ እንዳተማሕወ ኣብዚ ኣሰካፊ ኩነታት ወዲቑ ዘሎ።ቀንዲ ጠንቂ ውድቀት ኪዳን ኣብ መንጎ ሕዝቢ ኤርትራ ምትእትታው መግዝእቲ ሃጸይ ሃይለስላሴ ኢዩ። መግዛአቲ ሃጸይ ሃይለስላሲ ኣብ ክንዲ እቲ ክቡርን ብሉጽን ኪዳን ኤርትራዊያን ምስሳንን ምሕላውን ናቱ ፍርዲ ቤታትን ላዕለዋይ ፍርዲ ቤታትን ብምትእትታው ጥልመት ኣብዚ ግዜ ኢዩ ተጀሚሩ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኪዳን ጠፍኣ፣ ጥልመት ከኣ በዚ ሎሚ ግዜ ኣፋሪ ብዝብል ሽም ተኺሓሕላ ትርከብ።

ሽማግለታት ዓረቕቲ ዝገብርዎ ሃስያ ኣብ ምዕናው ኪዳን'ውን ቀልል ከምዘይኮነ ኢዩ።

ናይ ሎሚ ኣካረይቲ ክራይ ወሰኹ ከምዝብሉ። ምስ ደለልቲ ብምስምማዕ ደቅና ካብ ወጻኢ ስለዝመጹ ወይ ከኣ ገዛና ክነሐድሶ ደልና እንዳበሉ ንተኻረይቲ ከምዝብድሉ።

ገዛ ኣስርሓለይ ዝበልካዮ ተኾናታሪ ብዝነፈሰ ቼሜንቶ፣ ብዝመረተ ቶንድኖ እንዳገበሩ ገዛ ኣበላሽዮም ይህቡኻ። ገመል ዝሃብካዮ ደርሆ ይምልሰልካ። ምልዮን ዝሃብካዮ ሽሕ ይምልሰልካ። ስለዚ በዚ ሎሚ ግዜ ኪዳን ጠፍኣ ብጥልመት ሕማም ሕዝብና ይሳቐ ከምዘሎ ኢዩ።

ኣቶ **ፋኑኤል ዑቑባሚካኤል** ነዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዝሩ ዘሎ መሃሪ ዝኾነ ጽሑፍ ድሕሪ ምቕራብ እቲ ዘተ ነቲኦም ካልኦት ተዛተይቲ ዝምልእሉ እንተለዎም ዕድል ተዋሂቡ። በዚ መስረት ከኣ ኣቶ **ኤፍሬም ዑቑባስላሴ** ነዚ ዝስዕብ ወሰኺሉ።

ኪዳን ማለት ማሕላ ወይከኣ ውዑል ማለት ኢዩ። ኣብ ዕርክነት ጸጸር ውሕጥካ ዓርኪ ርእስነት ይምስረት ከምዝነበረ። ዓርከት ምስ በልካ ምጥልላም ከምዘይነበረ ኢዩ።

## ካብ ደራሲ እዚ ጽሑፍ'ዚ

ናይ ሎሚ ጽሑፍ ቀዳማይ ክፋል ብዛዕባ ኪዳን ዝብል ኣርእስቲ ኢዩ ቐሪቡ። ቀጽሉ ብዛዕባ ሓልዮት ዝብል ካልኣይ ክፋል ኣርእስቲ ክቐርብ ኢዩ።

ደራሲ ነዚ ዘተ’ዚ ትምህርቲ ረኺቡሉ ኢየ ኢሉ ይኣምን። ብፍላይ ቐደም ኢሉ ዝነበረ ኪዳን ከመይ ኢሉ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ዝሕዝን ኩነታት ወዲቑ ብተመስጦ ዝተኸታተልክዎ ኣርእስቲ ኢዩ። እዚ ኣርእስቲ ግን ንመጻኢ ወለዶ ኪዳን ከምይ ይተሓላለፍ ዝብል ሕቶ ኣይመለሸን ዝብል እምንቶ ኣሎኒ። ሽሕ ኡኳ ኣቀራርባ ኣቶ **ፋኑኤል ዑቕባሚካኤል** ዝንኣድ እንተኾነ እቲ ገዛ ነዚኣ ሕቶ ማለት ኪዳን ብኸመይ ንመጻኢ ወለዶ ይተሓላልፍ ዝብል ጎስዩዋ ምሕላፉ ኣይግድን። ስለዚ ንመጻኢ ኣብ ዝግበር ዘተ እቲ ሕቶታት ብግቡእ ምላሽ ኽረክብ ምእንቲ ወይ ግዜ ምውሳኽ ወይ ከኣ ኣርእስትታት ምጉዳል ይምረጽ ዝብል እምንቶ ኣሎን። ቀጽለ ብዛዕባ ጥልመት ትምልከት ዳእላ ብምቕራብ ጽሑፈይ ክድምድም ኢየ።

ሓደ ግዜ፣ ሓደ ቐሺ፣ ሰንበት መዓልቲ ስብከት ክህቡ ኣብ ዝዳለውሉ ዝነበሩ እዋን ንሓደ መንእሰይ ከምዚ ዝስዕብ ለበዋ ሃብዎ። እዚ ወደይ ሎሚ መዓልቲ ሰብከት ኣብ ዝህበሉ ግዜ ሕዝቢ ክእከብ ስለዝኾነ እንካ እዚኣ ቆብዔይ ’ሞ ኣብ መንጎ እቲ ሕዝቢ እናድዞርካ ገንዘብ ኣክበልይ እሎም ቆብዖም ይህብዎ። ወዮ መንእሰይ ኣብቲ ግዜ ሰበኻ እንዳዞረ ገንዘብ ይእክብ እሞ እቲ ስብከት ምስተወድኤ ሕዝቢ ነንገዝኡ ይኸይድ። ወዮ መንእሰይ ነቲ ገንዘብ ብምልኡ ሓቢኡ ነትኦም ቀሺ ቆብዖም ጥራሕ ይመልስሎም። ወዮ ቀሺ ነገሩ ኣስደምምዎም ቆብዖም ድሕሪ ምቕባሎም ነቲ መንእሰይ ምርቕ ኣብሎሞ። መንእሰይ ግን ደንጽይዎ። ከመይስ መርገም ክጽበ ጸኒሑ ምርቓ ምስ ዘነበሉ ተደናግሩ፣ ኣቦይ ቀሺ በዚ ዝግበርክዎ ኽትረግሙኒ እንዳተጸበኹስ ምርቓ ኣጎንጽፍኩምን ስለምንታይ እዚ ኹሉ ምርቓ ንዓይ ኢሉ ተወክስዎም። እሶም ከኣ፣ ወደይ እቲ ምርቓስ ነቲኣ ቆብዔይ ስለዝመለስካለይ ኢዩ እሎሞ።

እምበኣር ኪዳን ሎም ዘበን ኣይግድን ዘሎ’ሞ እንታይ እነተተገብረ ይሓይሽ እልና ኽንዝቲ ጉቡእ ግዜ ኢዩ።

ተጻሕፈ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ